ደደቢት ትካል ልቃሕን ዕቋርን አብ ወረዳ ኣብ ወረዳ ዓዲ ጉዶም ዝርከብ ተጀሚሩ ዝተቋረፀ በዓል ሓደ ደብሪ ህንፃ BC/GC-4ን ልዕሊኡን ብርኪ ፍቃድ ስራሕ ዘለዎም ብግልፂ አጫሪቱ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መጋቢት 5, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 17, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:80000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 17, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ተጫረቲ አብቲ ጨረታ ንምስታፍ እዘም ዝስዕቡ ረቋሕታት ከማልኡ ይግባእ

1 ናይ 2008 ዓም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ምስክር ወረቀት ንግዲ ምዝገባ ምስክርነት ግብሪ ክፍሊ ምዝገባ ሰርትፍኬት /TIN/ ቫት ምዝገባ ምስክር ወረቀትÂ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ናይ ቫት ዲክለረሽን መረዳእታን ኮንስትራክሽን ተኮናታራይነት ምዝገባ ካርድን ከቅርብ ዝክእል

2 ናይ ጨረታ ዉሕስና ካብ ዝተፈለጡ ባንክታት ዝወሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና /unconditional guarantee/ ወይድማ ሲፒኦ ብር 80000(ሰማንያ ሽሕ)ከቅርቡ አለዎም

3 ተጫረቲ ዝጫረትሉ ህንፃ ፕሮጀክት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 240 ተከታተልቲ መዓልትታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ አለዎም

4 ኩሎም ተጫረቲ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለተ 2 /07/ 2008 ዓም ጀሚሩ እስካብ ዕለት 17/ 07 /2008 ዓም ካብ ዋና ቢሮ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ 4ይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 409 አድላዩ መረዳእታ ብምሓዝ ዘይምለስ ብር 200 ብምክፋል እቲ ጨረታ ክወስዱ ይክእሉ

5ሓደ ተጫራታይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ፕሮጀክት ኣብ ናይ ደደቢት ትፍልም ህንፃ ስራሕ ክጫረት ዘይክእል ምካኑ ክፈልጥ ዘለዎ ኮይኑ ምግዛእ ግን ካብ ሓደ ንላዕሊ ይክእል እዩ

6ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝቀርቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊእኩም ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ ዶከሜንት ፈሪሞምን ከምቲ ክሸየጥ እንተሎ ዝነበረ ከየጋደሉ ከቅርቡ አለዎም ዝተጋደለ ብትክክል ዘይተመልአን ቅደም ሰዓበ ዝተዛብዐን ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ጨረታ ወፃኢ የግብር እዩ

7ተጫረቲ ቅድሚ ሐዚ ኣብ ናይ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ዉዕሊ አሲሩ ዘቋረፀ ወይ በቲ ዝድለ መዓልቲ ዘይወደአ ኮንትራክተር ክጫረት የብሉን ተተጫሪቱ እቲ ትካል ነቲ ተጫራታየ ካብ ጨረታ ክስረዝ እዩ

8 ታጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ሓደ ኦርጅናል ሓደ ቅዳሕን ናይ ጨረታ ዉሕስና ሰነድ (ሲፒኦ) ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ተዓሺጎም ኩሎም ፖስታታት ድማ ኣብ ካልእ ዓብዩ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግ ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ሽም ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብዩ ፖስታ በዝርአ ቀለም ብመፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ 4ይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 409 ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ይከዉን እቲ ጨረታ ዕለት 17 /07/ 2008 ዓም ልክዕ ሰዓት 3:00 ናይ ንግሆ ተዓፅዩ በቲ ዕለት 17/ 07/ 2008 ዓም ልክዕ ሰዓት 3 :30 ናይ ንጉሆ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትፍልም ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9 አቲ ትካለ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ተወሳኪ ሓበሬታ 0344 410250

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle